# ብኻልእ፡ ብድላዮም፡ እንተበዘን 3 ነገራት ግን.....

ንድሕሪት ንመለስ'ሞ፡ ክሳዕ ዝዘከርናዮ
ንድሕሪት ንመለስ በብዝደለናዮ
ብድላይና ንግለጾ ዝረኣናዮ ሰማዕናዮ
እንፈልጦ፡ ዝተተረኸልና፡ ዝሓለፍናዮ፡ ዘለናዮ
የማን ጸጋም ንሕለፎ፡ ብመእከል ንኺዶ፡ እንተዘይማእማኣና ድማ ንጉሰዮ

ኣነን ንስኻን፡ ኣነን ንስኺን
ንሰማማዓሉ ይህሉ ዘይንሰማማዓሉ
ንቐበሎ ዘይንቕበሎ፡ እወ ንብሎ ዘይንብሎ
ይትረፍ ኣብ ሓንቲ ሃገር፡
ኣብ ገዛና'ውን'ኮ ንፈላለ፡-
ብጣይታ ብቐጫ፡ ብጥጥቖ ብቖሎ

ሓንቲ ነገር ግን ኣላ ካብ ቀጣን ፈትሊ እትቐጥን
ከም ስኒ ኣድጊ እትምጥን
ከይደቀስና እንሓድረላ
ቀይደቀስና እንውዕለላ
ከይተሰማማዕና እንሰማማዓላ
ናይ ሃገር ነገር!!!!

ኣይጸንሕ ኣይውንዘፍ
ኣይጉሰ ኣይሕለፍ
ዝሓንከሰ፡ ዘንደልሃጸ
ዝተኺለለ፡ ዘቋረጸ
ዝጕየየ ዝተሳለየ
ኣብ ዝነበረ ይንበር፡ ዓንተቦ ይምጻእ ሕጂ ይጸንበር
ሃገር፡ ማለት ሃገር
ኣይትነቅስ ኣይትድመር፡ ሃገር
ኣይትድመር ኣይትጉደል.....

ሃገር ብሃገሩ፡ ኸኣ ኤርትራ
ዘይከም ኣዶኖታታ፡ ብዘይ ምጻእ ዝመጽአት፡ ብሂወት-ሰብ፡ ብሰውራ
ሰውራ-ብስውራኡ

እው፡ ሰውራ ብሰውራኡ ደም ዝነትዐ፡ ጀጋኑ ዝበልዐ
ካብ ነብሱ፡ ዝነውሕ መላለሱ
መመሊሱ ዘንጋሕጠጠ፡ መመሊሱ ዝተመጠጠ
ሰባት ዝሓተተ፡ ሰባት ብሰባቶም፡ ለላህመቶም
ናብ ሰለስተ ወለዶታት ዝተዘርግሐ
ይሓጽር እንዳ ተባህለ፡ መመሊሱ ዝቐጸለ

ሂወት ብዙሓት ዝበልዐ
ሂወት፡ እዛ ሕግብግብ እንብላ
ንኽንጸንሕ እንጽዕረላ
ይትርፈ ንኽነወፍያ
ርእሰይ እንተበልትኳ፡
ካብ ጻጸ ክሳዕ ሓርማዝ
ፍጡር ብፍጥሩ ዝጓየየላ

ደቂ ኤርትራ ግን፡
ዝቐደመ እንዳ ሓለፈ፡ ዝቐደመት እንዳ ሓለፈት
ከም ቆጽሊ-ቀኣውዒ እንዳ ረገፈት
ማሕዘላ እንዳ ጠቐለለት
መንእሰያት፡ ባንዴራ ክብሉ
ሕብሮም መጨሒሑ
ንእስነቶም ተበሊዑ፡ ዓጸመ-ድሞም ጸንቂቑ ኣንጉዑ

ዕድል ዝበሃል፡ ብጥርሱ-ምርሱ
እንዳ ፈለጡ ከም ዘይመጽእ ተመሊሱ
ናይ መርዓን ደርዓን፡ ናይ ውላድን ቆልዓን
ናይ ንቡር-ኣነባባርን፡ ክብርን ኣከባባርን
ሃ----ው ክብል ረሲዕሞ
'ክንዲ ባንዴራ ኣይትኸውንን ኢኻ' ኢሎሞ

ስለዚ፡ መን'ዩ ዘዕዘፍዝፍ
ብዛዕባ ባንዴራ ዝወራዘ፡ ብዛዕባ ሰውራ
ጥዑም እንድዩ፡ ድሕሪ ወፍሪ
ድሕሪ ሃለኽለኽ ድሕሪ ጻዕሪ
ድሕሪ ጎኖቕ፡ ድሕሪ ጨዓ

ድሕሪ ቆንጠጠፈ ድሕሪ መኒዓ
ዝብጻሕ ምስ ተበጽሐ፡ ዝተሓዝ ምስ ተታሕዘ
ጥዑም እንድዩ፡ ክትዛቐር ክትወራዘ

 በቶም ከም ሃልሃልታ ዝተባልዑ
ሓበንን ኣስሓኮን ተቐሊቦም
ካልኣይ ዘይደገሙ ሓንቲ ተዛሪቦም
ናጽነት ምስ በሉ፡ ኤርትራ ምስ በሉ ዋጋ-ዕዳጋ ዘይገበሩ
መሬት ኣፋ-ከፊታ ክትውሕጦም እንዳ በለት ጠበንጀም ዘይንበሩ
ኣላሽ ዘይበሉ፡ ብሓያላት ዘይተገረሩ...
ንሞት ዝተቐዳደሙ፡ ኣብ ቅድሚ ዓረር ዝተኾደሙ
ንምንባር ዘይሰስዑ-ሂወት ጥዕምቲ ምኺና፡ እወ ሕጂ'ውን ሃ-ው ኣቢሎም ዝረስዑ
እንታኮን ምበሉ፡ናይ'ዞም ብሃገር ዝዋዘዩ ምስ ሰምዑ

እዚ ንፋስ፡ ይናፈስ ኣሎ፡
ንፋስ ዶ ክንብል፡ ናይ ምህዝንዛን ደበና
ሓደ ኢና ኔርና፡ እንዳ ተባህለ ዝደጋገም ዘሎ ቁዘማ
ዝድሰቕ ዘሎ ከበሮ፡ ዝሕርሓር በገና....

እታ ማዕጾ እንተዘይትፍንቐቕ ብወዲ ገዛ
እንተ ዘይትግባእብእ፡ እንተትሰጥም መን ምፈተና፡ መን'ከ ምሓዛ
ሕማቕ እንተዘይሓብል፡ ሓሰኽኡ ዝሞተ
ወዲ ጓና ናባና ገጹ'ኳ ኣይምጠመተ

ይኹን'ምበር፡ ዝበሉ እንተበሉ፡
እቲ ዝወሳወስ ፡ወስ-ወስ እንተይሉ
ይፈልጣ እዩ.... ታሪኻዊ ዕድሉ!!

ሕጂ'ውን ብኻልእ ምጽኡ፡
ፍተወኒ ጽልኡኒ፡
ድላይኩም በሉኒ፡
ብባንዴራ፡ ብሃገር ጀጋኑን ግን...ኣይትምጽኡኒ!!!!